# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ

## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 23 ዓመት ቑ.4 መቐለ 273/2008 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፅ

23ኛ ዓመት ቁ.4 መቐለ 273/2008 ዓ/ም


ቑፅሪ ኣዋጅ 273/2008

**አብ በጀት ዓመት 2008 ዓ/ም ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንሓረስቶት ዝከፋፈል ንእታዎታትን ፍርያት ሕርሻን መግዝኢ ዝውዕል ልቓሕ በጀት ውሕስና ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ**

ብብርኪ ክልል ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅን ድኽነት ንምንካይን ምጥቃም እታዎታት ንምስሳን ምህርቲ ሕርሻ ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ስለዝተኣመነሉ፣

ንምጥንኻር ስራሕቲ መስኖ ልምዓትን ፅድያን ምጥቃም እታወት ሕርሻ ተደላይ ብምዃኑ፣

ሕድሕድ ውልቀ ሓረስታይ ዝድለ እታዎት ሕርሻ ገዚኡ ንምጥቃም ዓቕሙ ትሑት ብምዃኑ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዓቕመን ብምጥንኻር ዘበናዊ ድኹዒ ገዚአን ንሓረስታይ ክከፋፍላን ፍርያት ሕርሻ ካብ ሓረስታይ እናዓደጋ ናብ ዕዳጋ ከቕርባን ምድጋፍ ዝለዓለ ቁጠባዊ ረብሓ ዘለዎ ብምኻኑ፣

ቤትምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ ዝስዕብ ኣዋጁ ኣሎ፡

**ዓንቀፅ 1.ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ብሕብረት ስራሕ ማሕበራት ንሓረስቶት ዝከፋፈል እታዎታትን ፍርያት

ኣዋጅ ቁጥር 273/2008

**በ2008 ዓ/ም በጀት አመት በህብረት ስራ ማህብራት ለገበሬዎች የሚከፋፈል ግብኣቶችና የግብርና ምርት መግዣ የሚውል ብድር የበጀት ዋስትና ለመወሰን የወጣ አዋጅ**

በክልል ደረጃ የምግብ ዋስትና ለማረጋገጥና ድህነት ለመቀነስ ግብአቶችን መጠቀም የእርሻ ምርት ለመሳደግ ወሳኝ ሚና እንዳለው ስለታመነበት፣

የመስኖ ልማትና የፀደይ ስራዎት ለማጠናከር የእርሻ ግብኣቶች ኣስፈላጊ በመሆኑ፣

እያንዳንዱ ኣርሶ-ኣደር አስፈላጊውን የእርሻ ግብአቶች ገዝቶ ለመጠቀም ኣቅሙ ውሱን በመሆኑ የህብረት ስራ ማህበራት ብድር የማቅረብ ኣቅማቸዉ በማጠናከር ዘመናዊ ማዳበርያ ገዝተው ለኣርሶ አደሩ እንድያከፋፍሉና የግብርና ምርቶችን ከኣርሶ ኣደሩ እየገዙ ለገበያ እንዲያቀርቡ መደገፍ የላቀ ኢኮኖምያዊ ጠቀሜታ ያለዉ በመሆኑ፣

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት በተሻሻለው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ሕገ መንግስት ዓንቀፅ 49/3/ሀ/ መሰረት የሚከተለውን አውጇል ።

**አንቀፅ 1.አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የህብረት ስራማህበራት ለኣርሶ-ኣደሮች የሚከፋፈል የእርሻ ግብአቶችና

ሕርሻን መግዝኢ ዝውዕል ልቓሕ በጀት ውሕስና ንምሃብ ዝወፀ ኣዋጅ" ተባሂሉ ይፅዋዕ።

**ዓንቀፅ 2.ውሕስና ዝተውሃበ መጠን ልቓሕ**

"ተለቃሒት" እናተብሃሉ ዝፅውዑ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ምህርቲ 2008/2009 ዓ/ም ግልጋሎት ዝውዕል፦

ሀ.ንዘበናዊ ማዳበርያ መዐደጊ ዝውዕል ብር 884,529,000.00 (ሸሞንተ ሚኢትን ሰማንያን ኣርባዕተን ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚኢቲን ዒስራን ትሽዓተን ሽሕ ብር)

ለ.ንፍርያት ሕርሻ መግዝኢ ዝዉዕል 300,000,000(ሰለስተ ሚኢቲ ሚልዮን ብር)

ድምር ብር 1,184,529,000.00 (ሓደ ቢልዮን ሓደ ምኢትን ሰማንያን ኣርባዕተን ሚልዮንን ሓሙሽተ ሚኢትን ዒስራን ትሽዓተን ሽሕ ) ካብ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያ ንክልቅሑ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ውሕስና ሂቡ ኣሎ።

**ዓንቀፅ 3.ኣፈፃፅማ እቲ ልቓሕ**

1. እቲ ልቓሕ ዝውሃብ ተለቃሓይ፣ ንግዲ ባንኪ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ውዕሊ ካብ ዝኣሰሩሉ ዕለት ጀሚሩ ይኸውን፣
2. እቲ ልቓሕ ዝምለስ፡-

ሀ. ንዘበናዊ ድኹዒ መዐደጊ ዝፍቀድ ልቃሕ እቲ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዝምለስ ኾይኑ መጠን ወለድን ኣግባብ ኣመላልሳን ተለቃሓይ፣ ኣለቃሓይ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ብዝገብርዎ ስምምዕነት ይፍፀም ።



የግብርና ምርቶች መግዣ የሚውል ብድር የበጀት ዋስትና ለመስጠት የወጣ አዋጅ" ተብሎ ይጠራል።

**አንቀፅ 2.ዋስትና የተሰጠበት የብድር መጠን**

"ተበዳሪ" እየተባሉ የሚጠሩ የህብረት ስራ ማህበራት ለ2008/2009 ዓ/ም የምርት ዘመን አገልግሎት የሚውል፦

ሀ. ለዘመናዊ ማዳበርያ መግዣ የሚዉል 884,529,000 / ስምንት መቶ ሰማንያ አራት ሚልዮን አምስት መቶ ሀያ ዘጠኝ ሺ ብር/

ለ ለእርሻ ምርት መግዣ የሚዉል 300,000,000.00/ ሶስት መቶ ሚሊዮን ብር/ ድምር ብር 1,184,529,000.00 / አንድ ቢልዮን አንድ መቶ ሰማንያ አራት ሚልየን አምስት መቶ ሀያ ዘጠኝ ሺ ብር/ ከኢትዮጵያ ንግድ ባንክ እንዲበደሩ የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና ሰጥተዋል።

**አንቀፅ 3.የብድሩ አፈፃፀም**

1. ብድሩ የሚሰጠው ተበዳሪው፣ የኢትዮጵያ ንግድ ባንክና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ውል ከፈፀሙበት ቀን ጀምሮ ይሆናል ።
2. ብድሩ የሚመለሰው ፦

ሀ.ለዘመናዊ መደበርያ መግዣ የተፈቀደዉ ብድር ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀሚሮ በአንድ ዓመት ውስጥ የሚመለስ ሆኖ የወለድ መጠንና የአመላለስ አገባብ ተበዳሪ፣ አበዳሪው የኢትዮጵያ ንግድ ባንክና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በሚያደርጉት ስምምነት መሰረት ይፈፀማል።

ለ. ንፍርያት ሕርሻ መዐደጊ ዝፍቀድ ልቓሕ እቲ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ዝምለስ ኾይኑ መጠን ወለድን ኣግባብ ኣመላልሳን ተለቃሓይ፣ ኣለቃሓይ ባንኪ ንግዲ ኢትዮጵያን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ብዝገብርዎ ስምምዕነት ይፍፀም ።

3. ወረዳ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ሕርሻን ኣማሓዳሪ ገጠር ወረዳን ኣብ ወረዳ ንዝፍፀም ልቓሕ ብእዋኑ ብመሰረት ብዝፍቀደሉ መጠን ገንዘብ ኣብ ወረድኡ ምስ ዝርከባ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ዉሕስና ዉዕሊ ይፈራረሙ ፣ልቃሕ ይህቡ ፣ ክምለስ ይገብሩ።

**ዓንቀፅ 4.ግቡእ ተለቃሓይ**

ተለቃሓይ ብውሕስና ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወስዶ ልቃሕ እቲ ውዕሊ ካብ ዝተኣሰረሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 3 ንኡስ ዓንቀፅ 2 ኣብ ዝተጠቀሰ ግዜ ውሽጢ ምስ ሕጋዊ ወለዱ ክምልስ ግቡእ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 5.ግቡእ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

1. ተለቃሓይ ዝተለቀሖ ገንዘብ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ብእዋኑ እንተዘይከፊሉ ካብ በጀት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ተነክዩ ምስ ወለዱ ዝኽፈል ይኸውን፣
2. ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ነቲ ዘይተመለሰ ልቓሕ ካብ ተለቃሓይ ብምእካብ ወይ ሕጋዊ ብዝኾነ ኣግባብ ብምምላስ ነቲ ዝተነክየ በጀት ምስ ወለዱ ክተክእ ኣለዎ፣
3. ቢሮ ልምዓት ሕርሻን ገጠርን ንመንግስቲ ክልል ወኪሉ ልቓሕ ኣብ ምሃብ ይኹን

ለ. ለግብርና ምርት መግዣ የተፈቀደዉ ብድር ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀሚሮ በሁለት ዓመት ውስጥ የሚመለስ ሆኖ የወለድ መጠንና የአመላለስ አገባብ ተበዳሪ፣አበዳሪው የኢትዮጵያ ንግድ ባንክና የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በሚያደርጉት ስምምነት መሰረት ይፈፀማል።

3. የወረዳ ግብረናና ገጠር ልማት ፅህፈት ቤትና ወረዳ አስተዳደሪ በወረዳው ለሚፈፀም ብድር በወቅቱ በተፈቀደለት የብድር መጠን መሰረት ከወረዳዉ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት የዋስትና ዉል ይፈራረሟሉ፣ብድር ይሰጣሉ ፣እንዲመለስ ያደርጋሉ።

**አንቀፅ 4.የተበዳሪው ግዴታ**

ተበዳሪው በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ዋስትና የወሰደውን ብድር ውሉ ከተፈፀመበት ጊዜ ጀሚሮ በዚህ ኣዋጅ ዓንቀፅ 3 ንኡስ ዓንቀፅ 2 በተጠቀሰዉ ግዜ ውስጥ ከነ ሕጋዊ ወለዱ የመመለስ ግዴታ አለበት ።

**አንቀፅ 5.የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ግዴታ**

1. ተበዳሪው የተበደረውን ገንዘብ በሙሉ ወይም በከፊል በጊዜው ካልከፈለ ከትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት በጀት ተቀንሶ ከነ ወለዱ የሚከፈል ይሆናል፣
2. የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ያልተመለሰው ብድር ከተበዳሪው በመሰብሰብ ወይም ህጋዊ ብሆነ አገባብ በማስመለስ ለተቀነሰው በጀት ከነ ወለዱ መተካት አለበት፣
3. የግብርናና ገጠር ልማት ቢሮ ክልል መንግስትን በመወከል ብድር በመስጠትና

ብእዋኑ ኣብ ምምላስ ሓላፍነት ወሲዱ ይከታተል፣

4. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ልቓሓን ኣብ ምምላስን ዝተኣከበ ገንዘብ ብእዋኑ ኣታዊ ኣብ ምግባርን ሓላፍነት ኣለወን።

**ዓንቀፅ 6.ተፈፃምነት እዚ ኣዋጅ**

እዚ ኣዋጅ ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብ ዘፅደቐሉ ዕለት ጥሪ 25/2008ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸዉን።

**ኣባይ ወልዱ**

**ፕረዚደንት**

**ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**

**መቐለ**

በመመለስ ሃላፊነት ወስዶ ይከታተላል፣

4. ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ብድራቸዉን በመመለስና የተሰበሰበው ገንዘብ በጊዜው ገቢ የማድረግ ሃላፊነት አላቸው።

**አንቀፅ 6.የአዋጁ ተፈፃሚነት**

ይህ ኣዋጅ በትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ከፀደቀበት ጥር 25/2008 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

**ኣባይ ወልዱ**

**የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት**

**ፕሬዝዳንት**

**መቐለ**